# ኮለኔል ተስፋልደት ሃብተስላሴ መንዩ?

09 ታሕሳስ 2008

ኮለኔል ተስፋልደት ሃብተስላሴ ወዲ 48 ዓመት ኣቢሉ እዩ። ኣብ **1977–1978** ኣቢሉ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ። ድሕሪ ታዕሊም ኣብ ሓደ እዋን ኦፐሬተር ናይ ዋና ጸሓፊ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኮይኑ የገልግል ኔሩ።

ብድሕሪ ገለ እዋናት፡ ሓላፊ ናይ ኦፐሬተራት ኮይኑ ይሰርሕ ኔሩ። ካብኡ ሓላፊ ናይቶም ሓለውቲ (ቦዲጋርድ) ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኮይኑ። ብድሕሪ ናጽነት፡ ብቐረባ ምስ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዳርጋ ካልኣዩን፡ ልዕሊ ኩሎም ኣብ ከባቢ ኢሳያስ ዝሰርሑ ዝተኣመነን የማናይ ኢዱን ኮይኑ የገልግል ኔሩ። እቲ ሓላፍነት ናይ ምምሕዳር ሓለውቲ (ቦዲጋርድ) ናይ ኢሳያስ ብቑጽሪ ካብ **30-50** ዝኾኑ፡ እዚኦም ምስኡ ዝገሹን ንገዝኡ-ዝሕልውን እዮም ኔሮም። ከምኡ'ውን ኢሳያስ ክገብሮ ዝደልይ ወይ ከተግብሮ ዝደለየ ዕማም ብተስፋልደት ጌሩ እዩ ዘተግብሮ።

ኣብ **2001** ኣብ ናይ **G-15** ምእሳር፡ ከቢድ ሓላፍነት ተዋሂብዎ ናይ ጸጥታ ኾነ ናይ ማእሰርቶም ዕማማት እሱ'ዩ ኣፈጺምዎ። ስጋዕ ሕጂ'ውን እሱ'ዩ ዝከታተሎ ዘሎ።

ኣብ **2004**፡ **1** ቦጦሎኒ እስፔሻል ፎርስ፡ ብቑጽሪ ካብ **200-300** ዝኾኑ ሰባት ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ንክሕልዉ ተዓሊሞም። ስሞም ድማ ሪፐብሊካን ጋርድ እዮም ዝበሃሉ። ንየኦም ተስፋልደት እዩ ዘዋፍሮም። ንሓለዋ ነቲ ጊቢ ዝበሃል ቤት ጽሕፈት ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዘወሃህድ ተስፋልደት እዩ። እቶም ሪፐብሊካን ጋርድ፡ ብድሕሪ እቶም ቀዳማይ ደርጃ ክፍሊ ሓለዋ፡ ኣብ ካልኣይ ጸፍሒ ሓለዋ ኮፍ ዝብሉ ኮይኖም፡ በኣርባዕተ ሓሙሽተ ወገናት ነቲ ጊቢ እሶም'ዮም ዝሕልውዎ።

ተስፋልደት ማለት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ማለት እዩ። ተኣማንነቱ ልዕሊ ኣብርሃ ካሳን ጀነራላትን ብዓል ማንኪን ዓብደላ ጃብርን እዩ።

ካብ ስብሃት ኤፍሬም ጀሚርካ፡ ኩሎም እቶም ጀነራላትን የማነን ዓብደላ ጃብርን ትእዛዝ ካብ ተስፋልደት እዮም ዝቕበሉ።

ብሓፈሽኡ፡ ተስፋልደት ማለት ፕረዚደንት ኢሳያስ ማለት እዩ።

**ኣስመሮም**
**09 ታሕሳስ 2008**